# ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ሕመቕ

## ምስ ጸረ-ህዝቢ ባህርን ተግባርን ህግደፍ ከተነጻጽር ምፍታን መግለጺ ፖለቲካዊ ድኽነት'ዩ።

ሰውራ ኤርትራ ህዝባዊ ወጽዓ ዘንቀሎ ህዝባዊ ሕቶ ክንሱ፡ ናብ ምሉእ ዓወት ንምብጻሕ፡ ተቓሊሱ ዘቃልስ ብቑዕ መሪሕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ውድብ ኣይረኸበን። ከም ናቱ ውጽኢት ከኣ'ዩ፡ ከም ሰውራ ካብ እንክብገስ ጀሚሩ፡ ብፍላይ ኣብ መሪሕነታዊ ኣካሉ ብስልጣን መን በሓተ፡ ሓደ ነቲ ካልእ ኣጥፊኡ ልዕልነቱ ንምርግጋጽ ሓያል ናይ ጸለመን ቅንጸላን ወፍርታት ዝካየድ ዝነበረን ዛጊት'ውን ብካልእ መልክዑ ዝቕጽል ዘሎን። ኣብ መንጎ ውልቀ ሰባት ድዩ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ውድባት ናይ ሓሳብ ፍልልይ እንተተኸስተ ክተባብዕ ደኣምበር ክጽላእ፡ ስግኣት ኮይኑ ናብ ከይቀደመኒ ክቕድም ዘብጽሕ ምኽንያት ኣይኮነን። ሓሳብ ክሳብ ዝኾነ ብሓሳብ'ዩ መልሲ ረክረክብን ክመሓደርን ዝነበሮ። ብቑዕ ቀላሲ ዘበኾሮ ሰውራ ኤርትራ ግን፡ ውሽጣዊ ሽግራቱ ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ከመሓድር ኣይከኣለን። መብዛሕቲኡ እቲ ቅድሚ 1991 ዝለዓል ዝነበረ ርእይቶታት መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፍልልይ ዘይብሉ ክንሱ፡ ብተራ ህልኽ ኣነ ወይ ንሱ ናብ ደማዊ ግጭት ተሰጋጊሩ። ኣብ'ቲ ቃልስን ተቓላሳይ ህዝብን ከቢድ ኩለ-መዳያዊ ክሳራ ኣውሪዱ።

እዚ ኣብ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይ ዘይተሰረተ፡ ኣነ ወይ ንሱ፡ ንሕና ወይ ንሳቶም ዝብል ድሑር ፖለቲካዊ ሕልኽ፡ ኣብ ሓደ መድረኽ ተራእዩ ኣብኡ ከብቅዕ'ሞ ታሪኽ ክኸውን ይግባእ ነይሩ። ብኣንጻሩ ፈታውን ጸላእን ካብ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮን ደርባዊ ፖለቲካዊ ተፈጥሮን ናይ'ተን ውድባት ተበጊሱ ብቐሊል ዘንብቦ፡ ኣብ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይ ዝተሰረተ ሓያል ንሕንሕ ዝካየደሉ ዝተጎሃሃረ ቃልሲ ክህሉ ነይርዎ።ኣብ መንጎ'ተን ኣብ ደማዊ ኵናት ሕድሕድ ኣትየን ብዙሕ መንእሰይ ዘጥፈኣ ውድባት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ግን፡ ካብ ዓማ፡ ዋህዮ፣ ጀብሃ፡ ሻዕቢያ ዝብል ኣብ ስምን ተራ ጸርፍን ተሰሪቱ ዝጋልብ ተራ ጽልኢ፡ መሰረታዊ ናይ መስመር ፍልልይ ከም ዝነበረ ዘእምን ረዚን መረዳእታ ኣይነበረን።

ካብ ጽባሕ ምርጋግጽ ልኡላውነት ሃገር ንነጀው ግን ጸላእን ፈታውን ዝኾኑ ክልተ ደምበታት ተፈጢሮም ኣለው። ደምበ ጸላኢ (ጉጅለ ህግደፍ) ብሓቂ ብሓሳብን ብተግባር ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ'ዩ። ይኹን ግን ገለ ኣብ ደምበ ፈታዊ ዝርከቡ ወገናት ኮነ ግሩሃት ዜጋታት፡ ነቲ ኣብ ኣሰላልፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዘሎ ፍልልይ ብስነ-ፍልጠታዊ መምዘኒ ገይሮም ኣይገልጽዎን። ካብ'ቲ ቅድም ክብል፡ “ንሱኹም ጸጋማይ ዓይኒና ንስኹም የማናይ ዓይኒና” ዝብል ዝነበረ መንቀሊኡ ፖለቲካዊ የዋህነት፡ ግን ከኣ ግጉይ ፖለቲካዊ ተረድኦ ዝተማህሩ ኣይመስሉን። ነቲ ደምበ ጸላኢ ስለምንታይ ጸላኢ ኮይኑ ከተረደኦም እንተፈተንካ'ውን ደው ኢሎም ክሰምዑ ፍቃደኛታት ኣይኮይኑን። ኣይኮነን ብእዝኖም ዝሰምዕዎ ብዓይኖም ዝሪእዎ ምቕባል'ዩም ተጸጊሞም።

ቀዳማይ ጸላኢ ማለት ጉጅለ ህግደፍ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ዝተኻየደ ብረታዊ ቃልሲ፡ መሪሑ ነጻነት ዘምጸአ፡ ብዙሓት ዜጋታት ኣብ ጽላል ውድቡ ኮይኖም ነጻነት ኣብ ምምጻእ ስለ ዘሰንከሉን ዝተሰውኡን፣ ሕጂ'ውን ደቅናን መቕርብናን ኣብኡ ስለዘለው ካብ ዝብል በለጽን ስኽፍታን ዝተሓወሶ ንጹር ፖለቲካዊ መንነት ዘይብሉ ርእይቶ፡ ፎእ ኣብ ክንዲ ዝብልዎ ምስኡ ክደናገጹ ይረኣዩ። ሕሉፍ ሓሊፍዎም፡ ኣብ ክንዲ ፈጣሪ ጸገም ከም ፈታሒ ጸገም ቆጺሮም ምሕረት ከውርደሎም ይጽበዩ።ኣብ ደምበ ፈታዊ ዝስለፉ'ኸ ከመይ ዝበሉን እንታይ ፖለቲካዊ መርገጻት ዘማልኡን'ዩም ንዝብል'ውን ንጹር መልሲ የብሎምን። እቶም ተቓወምቲ ገለ ሓቅነት ኣለዎም እቲ መንግስቲ ቅዋም ከተግብር ነይርዎ። እሱራት ክፈትሕ ነይርዎ። ይኹን ምበር ተቓሊሶም ክስዕርዎ ክሳብ ዘይከኣሉ፡ ከም ፈታዊ ይውሰድ ብዝዓይነቱ ናይ ድኹማት ኣገላልጻ፡ ዋላ ሓንቲ ገበን ከምዘይብሉ ሕጋውን ደሞክራስያውን መንግስቲ፡ ምስ'ተን ናይ ባህርን ተግባርን ጉድለታት ኣለውን ዝብልወን ውድባት ከወዳድርዎ ይረኣዩ። ካብ ድኹማት ተቓወምቲ ውድባት ሓያል ገበነኛ መንግስቲ

***ይሓይሽ ብዘስምዕ ኣይትምተና ይብልዎ ኣለው። ገለ ክእረም ዝግባእ ጉድለታት ዘለዎ ፈታዊ ደኣምበር ክህረም ዘለዎ ጸላኢ ኣይኮነን እናበሉ ይከራኸሩ።***

***ፖለቲካዊ ሓያልነትን ምምሕዳር ህዝብን ብኣካላዊ ግዝፍን ፋሽሽታዊ ተግባራትን ብምዕቃን መንግስቲ ኤርትራ ሃገር ይመርሕ ኣሎ። ደስ ዝበሎ ፖሊሲታት የውጽእን የተግብርን ኣሎ። ስለዚ እዞም ሕድሕዶም ክመናጨቱ ጸሓይ ዝዓርቦም ውድባት፡ ትርጉም ዘለዎ ወተሃደራዊ ሓይሊ የብሎም፡ ዞባዊ ኮነ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት የብሎም ድኹማት'ዮም። ምርጫና መንግስቲ ስለ ዝሕይል ንመንግስቲ ንድግፍ ዝብል ፍጹም ዓይኒ መርፍኡ ዝጠፍኦ ዝንቡዕ ፖለቲካዊ ርእይቶ፡ ህዝቢ ንዘብርስ ዘሎ ጸረ-ህዝቢ መንግስታዊ ጉጅለ ንደግፍ ፍታሕ ከምጽአልና ድማ ጸሎት ንግበር እናበሉ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክወናጨፉ ይረኣዩ። ገለ ድማ ፍትሓዊ ሕቶ ተሓንጊጦም ክንሶም ኣብ ምምሕዳሩ ድኽመታት ንዘርኣዩ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብዓይኒ ሕልናኦም ምስ ከዳማይ ጸላኢ ኣብ ሓደ ሚዛን ኣቐሚጦም፡ ኩሎም ማዕረ ክብሉ ይስምዑ። ብክለሰ-ሓሳብ ጥራሕ ዘይኮነ ብተግባር ንዝረአ ፋሽሽታዊ ተግባር መንግስታዊ ጉጅለን፡ ካብ ወጽዓ ንዝተወልደ ናይ ሰላምን ደሞክራስን ሕቶን ማዕረ ሰሪዕካ ንፋሽሽታዊ ተግባር ዝድግፍ ርእይቶታት ምቕላሕ፡ እቲ ካብ እግሪ ተኸሉ ሕቶ መሪሕ ደሞክራስያዊ ሓይሊ ዘይረኸበ ፖለቲካ ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ እዚ'ውን ካብ'ቲ ዝተረግረገሉ መርገኦ ከምዘይወጽአ'ዩ ዘመልክት። እዚ ከኣ ካብ ተመክሮኦም ዘይመሃሩ ንዘቤታዊ መላኺ ኢዶም ዝሃቡ ናትና ዝብልዎ ፖለቲካዊ መንነት ዘይብሎም ዜጋታት ምህላዎም ዘርኢ'ዩ። ብቐንዱ ግን ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት ዝውቀስሉ ካብ ፖለቲካዊ ድኽነት ዝምንጩ ናይ ድኹማት ድኹም ኣተሓሳስባ'ዩ።***

***ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ*** 20-01-2017